ኒያ ራደ ዋይቶይ፡ ጊራ ባደ ዋይቶይ፤
ቲላይተም ኒሚሓ ታኮይ፡ ታሚተም ፊሚሓ ታኮይ፡
ባር ኣበኒም ባዓ ታኮይ፡ ለለዕ ኣበኒም ካይረ ታኮይ፤
ዓሪ ኣፊህ ሄላኮ፡ ገዲ ኣፊህ ሖላኮ ሲንራዒሶይ፡
ፊትሐ ሂን ኑጉሥኮ፡ ኢላው ሂን ሑሩስኮ ሲንራዒሶይ፡
ማላኪያ ታውራሶይ፡ ሰጣን ያብራሶይ፤
መዐ ሓረስታይ ያጽማዶይ፡ መዐ ታስታይ ያምጻማዶይ፤
መዐ ዓውዲ ያምሓፋሶይ።
መዐ ኑጉሥ ያንጋሦይ፡ መዐ ቃይሲ ያቃዳሶይ፤
ሞዐ ኣቡን ያባራኮይ።
ለለዒድ ካፊ ያይሶይ፡ ዳባናድ ካማኒ ያይሶይ፡
ኤል ኣሓዊናንቲያህ ያፋዳኖይ።
ካሓኒ ኩ'ካ ኡጉቶይ፡ ናዓቢ ኩ'ካ ያላዮይ፤
ባራካ ሂናም ሲናድ ኦሮበ ዋይቶይ፤
ባራካ ለም ሲናከ ኣዕዲየ ዋይቶይ።
ካሓንቶሊህ ኢላ ቲካ፡ ናዓብቶሊህ ኢምባ ቲካ።
ጉቢ ኣማን ያኮይ፡ ኣጋኒ ኣማን ያኮይ፤
ኣማንከ ኢማናህ ፋጊ ኒያዳጎይ።
ኡማ ዳባን ማራቢና፡ ኡማ ዳዳዕ ማ'ዳዳዒና።
ካሓኒ ካሓኖ ያኮይ፡ ናዓቢ ካሓኖ ያኮይ፤
ሲን ኒዒባም ዳጎይቶይ፡ ሲን ኪሒናም ታማንጎይ።
መዐ ፋጊህ ሒገኮ፡ ሳዓል ካሓኖኮ ሲን ኣየዐ ዋዎይ።
ኑላ ጋሓ ዳባን ያኮይ፤
ቲሲሲከህ ዳጋ ኣንተበ ዋይቶይ፡ ቲዕሊሰህ ባዶ ራደዋይቶይ።
ባስካ ጋዕዳ ታኮይ፡ ሱባሕ ኢላ ያኮይ፤
ኢላው ዒንደ ያኮይ።
ዓዳጋ ፊዲን ቲያ ታኮይ፤
ኣምዒናኒምኮ ታነም ታኮይ፡
ራብተሚህ ጋ'ናት ያኮይ፡ ታነሚህ ማ'ዒል ያኮይ፤
ዒንዳማህ ዓርሳ ያኮይ፡ ናባማህ ዳቢር ያኮይ።
ሙሕረት ሮብ ባሊህ ኣቦይ፤
ዱርሪ ዔር ባሊህ ያላዮይ።
ቡ'ን ቶሖወ ጋባ ኣከራል ኣምኪሲሰ ዋይቶይ፡
ኦዶኒያል ኣምኪሲፈ ዋይቶይ፤
ቡን ኤድኡረየ ዓረድ ባላ ዔረ ዋይቶይ።
ራዕተም ማላኪያ ኦዶሶይ፡
ተምበረከም ታኮይ።

<u>ባህላዊ ኣቀባብላ ጋሻኦም</u> - ክብርን መስተንግዶን ዝመልኦ ኣቀባብላ-ጋሻ ልሙድ ባህሎም ኢዩ፤ ዘቐርቡሉ ምግቢ ገዓት-ጠስሚ መዓር ሥጋ ምስ ግዕዝም፡ መስተ ከዓ ፀባ ብርዚ ሜስ። ብብዙኃት ኣንበብቲ ደቂ ኢሮብ ጽቡቕ ግምት ኣብ ዘትረፈ መፅሄታዊ ጽሑፉ ዮውሃንስ ድንኩል ከምዘስፈሮ፡-



"...ኣብታ ዓዲ መዓር፡ ዓዲ ጠስሚ፡ ዓዲ ኣጅቦ፡ ዓዲ ግዕዝም፡ ዓዲ ብርዚ...ዓዲ ኣሓ እትብሃል ስምይቲ ዓዶም በዒሑ ብኣቀባብላኦም ዘይሕጐስ የለን። ተኸበር ዝበሎ ጋሻ ናብኡ ገፅ እንተወሪዱስ ድንቂ ደአ'ኳ።"[44]

ሕዝቢ ኢሮብ፡ ኣብ ታሕጓስ ይኹን ኣብ ሓዘን፡ ማሕበራዊ ምትእስሳርን ምትሕልላይን ዓቢይ ማሕበራዊ መፈለጥታኦምን ባህሎምን ዝኾነ ጥሙር ሕብረተሰብ ኢዮም። ይብዛሕ ይውሓድ ዝረኸብዎ ብሓደ ዝበልዑ፡ ንጐረቤት ገዲፍካ ምምጋብ ከም ዓቢይ ጽያፍን ነውርን ዝቈጽሩ ሕዝቢ ኢዮም። ኣብ ኢሮብ ዓቢይ ሃንደበታዊ ፀገም ንዝገጠሞ ወይ ከዓ ኣብ ከቢድ ድኽነት ንዝወደቐ "ኢዲበ" (ቀለታ) ብዝበሃል ሠናይ ተበግሶ ንህቢ ኣጣል ከፍቲ ሂብካ እግሪ ከምዝተክል ምግባር ናይ ቀደም ባህሎም ኢዩ። ከማኡ'ውን ኣብ ቃሎም ጽኑዓትን ኣሕሊፍካ ምሃብ ዘይፈልጡን ኢዮም። ማንም ሰብ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ሁቕባ ቢሉ እንክመጾም ኣብ ውዕሊ ኣእቲዮም ተንከባኺቦም ድኅንነቱ ይሕልዉሉን መቕተልቲ እንተበጽሖ ከዓ ከም ወዲ ዓሌት ሕነ[45] ይፈድዩሉን ኢዮም ዝነበሩ።
<u>ሕብራዊ መልክዖም</u> ካብ ሕዝቢ ከበሳ ብምክንያት መነባብሮኦም ፍልይ ዝበለ ኮይኑ መብዝኀቶኦም ቀያሕትን ነዋሕትን፤ ቆላሕታ ዓይኖም ጓህሪ መሳሊ (ቅጽል መጸውዒኦም "ኢሮብ ኢንቲ ዓሶሲ" ትርጉሙ ከዓ "ኢሮብ ቀያሕቲ ዓይኒ" ዝብል ኢዩ።)

ቀዳሞት ዓበይቲ ኢሮብ ኣብ ከባቢ እዙ ዓዲ እንካብ ዝርከቡ ዓድታት ብባህሊ ይኹን ብካልእ ኩነታት ፍልይ ዝበለ ዓዲ ገይሮም ይሓስብዎን ይርእይዎን ከምዝነበሩ ዘረድኡና ማስታትን ሆራታትን እውን ንረክብ ኢና፤ ንኣብነት፡-

[44] መፅሔት <u>ኣሰር</u> ፩ይ ዓመት ቁ.፫/ሰነ-ነሓሰ ፲፱፻፹፰ ዓ.ም.፡ ገጽ ፲፰ ርአ።

[45] "ሓነይታ" (ሓንታ/ሓኔታ)፡ ሕነ ምዉት ወገኑ ንዝፈደየ ሰብ ዝወሃብ መጸውዒ ቅጽል ኢዩ። "ህየንተ" "ህየንታ" ካብ ዝብል ግእዛዊ ቃል ዝተወርሰ ኮይኑ "ክንዲ" "ዋጋ" ማለት ኢዩ። ምእንት'ዙይ ክሳዕ ሎሚ ኣብ ባህሊ ሕዝቢ ዓጋመ ዓዲ ሓንታ እገሌ፡ ዓዲ ሓኔታ እገሌ፡ ዓዲ ሓነይታ እገሌ፡ እናተብሃለ ዝጥቀምሉ ቅጽላዊ ቃል ኢዩ።